ነበርቲ ዋሽንግተንን ከባቢኣን፡ ስለ ናጽነት ሃገርን፡ ንምክልኻል ልኡላዉነት ሃገርን፡ ሂወቶም በጃ ንዝከፈሉ ሰማእታት ኤርትራ ዝኽርና ሓበን፣ መብጽዓና ግብሪ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሃገራዊ ቴማ ዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ኣካይዶም ኣካይዶም

እዞም ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ነበርቲ ዲሲን ከባቢኣን ነዛ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝዓበየ ክብርን ርዝነትን ዘለዋ ዕለት ንምስታፍ፡ ብሓሙስ 20 ሰነ 2013 ኣብ ማእከል ዋሽንግተን ዲሲ ዝርከብ ዋሽንግተን ሜሞርያል ፓርክ'ዮም ተኣኻኺቦም፡ ንኣእምሮ ነብስወከፍ ሰፍ ዝኹሕኩሕ ንልቢ ኩሉ ተሳታፊ ዝትንክፍ ዝተፈላለዩ ስነጥባባዊ ዝምስገን ስርሓት ኣቕሪቦም፡ መንእሰያት ዘየምቲ ንኽብሪ እዛ ዕለት ዘንጸባርቕ ሓደስቲን ናይቀደም ዜማታትን ከቕርቡ ከለዉ፡ ኪኢላታት ገጠምቲን ደረስትን ድማ ብቛንቋ ትግረን ትግርኛን ምኡዝ ዝኾነ ግጥምታትን ጽሑፋት ንተሳታፋይ ኣስሚዖም፡

ጸሓፊ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ክፍለ ተስፋሚካኤል ንህዝቢ እንቋዕ መጻእኩም ኢሉ መደብ ብወግዒ ድሕሪ ምኽፋት፡  ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት ኣብዘቕረቦ ቃል፡ ኣብ ዓመት ሓንሳእ ብብርሃን ሸምዓን ተሰንዩ ዝግበር ዕለት ዝኽሪ ኣብ ምሕዳስ መብጽዓ ዘለዎ ኣገዳሲ ተራ ድሕሪ ምስማር፡ ሰማእታትና ዕለታዊ ብእንገብሮ ተግባር ክንድብሶምን መብጻዕና ክንሕልዉን ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ፡ ወኪል መንእሰያት ህግደፍ መንእሰይ ኣሌክስ ተስፋይ ብወገኑ፡ መስርሕ ህንጻት ሃገር ብመስዋእቲ ካልኦት ዝርከብን፡ ቀጻሊ ስራሕ ወለዶታት ከምዝኾነ ድሕሪ ምሕባር መንእሰያት ክብሪ ኣቦታቶምን ኣዴታቶመን ወሪሶም ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ንኽዓዩ በዚ ኣጋጣሚ ጻዊዕት ኣቕሪቡ፡

ንኽብሪ እዛ ዕለት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ከምኡዉን ሓለፍቲ፡ ሃገራዊ ሽማግለ በዓላት ኤርትራ፡ ሕድሪ፡ ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ መንእሰያት-ህ.ግ.ደ.ፍ.፡ ህ.ግ.ደ.ፍ.  ብሽም ዉዳበታቶምን ህዝቢ ኤርትራን ጥማር ዕምበባ ኣንቢሮም፡

ዕለተ ዝኽሪ ሰማእታት 2013 ኣብ ዉሽጢ ዝዓበየ ግን ሕሱር ናይ ተጻብኦ ሃዋሁ ይጸንበል ከምዘሎ ዝተገንዘበ ነባሪ ዲሲን ካባቢኣን፡ መስዋእቲ ሰማእታቱ ካብ ኩሎም ዓይነት ተጻብኦ ክምክት ድልዉነቱ ብምርግጋጽ መደብ ተዛዚሙ

ዋሽንግተን ዲሲ ሕ/መ/ኣ

21/ሰነ/2013